Australian Government
Department of Social Services

# ጾታዊ መጥቃዕቲ

## ኣብ ልዕሊ ዝኾነ ሰብ ጾታዊ መጥቃዕቲ ምብጻሕ፡ ኣብ ኣውስትራልያ ኣንጻር ሕጊ እዩ።

እቲ ጾታዊ መጥቃዕቲ ዘብጽሕ ሰብ፡ ወዲተባዕታይ ይኹን ጓልኣንስተይቲ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ክምዚእሰር ኪግበር ይኽኣል እዩ።

ንስኹም ወይ እትፈልጥዎ ካልእ ሰብ፡ ኣብ ሓደጋ ምስእትህልዉ፡ ብ**000** ገይርኩም ናብ ፖሊስ ደውሉ።
ኣብ ኣውስትራልያ ዘለዉ ፖሊስ፡ ውሑሳት ዝኾኑን ክእመኑ ዝኽእሉን እዮም።

ናጻ፡ ምስጢራዊ ምኽርን ደገፍን ንምርካብ፡ ብ**1800 737 732** ገይርኩም ናብ 1800 RESPECT ደውሉ።

ብናጻ ዝትርጉመልኩም ኣስተርጓሚ እንተደሊኹም፡ ናብ **131 450** ደውሉ።

## መንግስቲ ኣውስትራልያ (Australian Government)፡ ንጾታዊ መጥቃዕቲ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ኩነታት ኣይጻወርን እዩ።

ጾታዊ መጥቃዕቲ፡ ብዘይ ፍቓድ'ቲ ሰብ ኣብ ልዕሊ'ቲ ካልእ ሰብ ዚቖንዐ እዩ።

ጾታዊ መጥቃዕቲ፡ ነዚ ከጠቓልል ይኽእል፥

- ጾታዊ ርክብ ንኽገብር ወይ ጾታዊ ምትንኻፋት ንኽፍጽም ጸቕጢ ምግባር፣
- ዘይስነምግባራዊ ጽዩፍ ጽሑፋትን ስእልታትን ንኽርኢ ጸቕጢ ምግባር፣ ወይ ድማ
- ጾታዊ ርክብ ወይ ጾታዊ ምትንኻፋት ምስ ቆልዓ ምፍጻም።

ኣብ መንጎ ኣብ ዝምድና፡ መርዓ ወይ ስድራ ዘለዉ ሰባት ዚግበር ጾታዊ መጥቃዕቲ፡ ኣንጻር ሕጊ እዩ።

## ደቀኣንስትዮ፡ ልክዕ ከም ደቀተባዕትዮ ሓደ ዓይነት መሰላት ኣለወን።

ሕግታት ኣውስትራልያ፡ ንደቀኣንስትዮን ደቀተባዕትዮን ብማዕረ ይርኢ።

ኩሉ ሰብ፡ ካብ ዓመጽ ናጻ ኣብ ዝኾነ ቦታ፣ ሓጐስ ኣብ ዘለዎ ዝምድናታትን ሕብረተሰብን  ኪቕመጥ መሰል ኣለዎ።

ደቀኣንስትዮ፡ ብሕማቕ ንኽትሓዛ ወይ ጉድኣት ንኽበጽሐን ክቕበልኦ የብለንን።

## ክሕግዛ ዝኽእላ ኣብ ባህሊ ዜተኩሩ ወሃብቲ ኣገልግሎታት ኣብ ኣውስትራልያ ኣለዋ።

**1800 RESPECT**፡ ኣብ ኣውስትራልያ ዚርከብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ማዕዳ ጾታዊ መጥቃዕቲ፡ ስድራቤታውን ዘቤታውን ዓመጽ (Australia's National Sexual Assault, Family and Domestic Violence Counselling service) እዩ። ብተሌፎንን ብመስመር ኢንተርነትን ኣቢሉ ድማ ናጻ፡ ምስጢራዊ ማዕዳን ሓበሬታን ይህብ። ኣማኸርቲ፡ ንዓኹም ጽን ኢሎም ብምስማዕ፡ ንሕቶታትኩም ይምልሱ፣ ከምኡውን ኣብ ከባቢኹም ናብ ዝርከባ ካልኦት ወሃብቲ ኣገልግሎታት ደገፍ ከመሓላልፍኹም ይኽእሉ እዮም።

ናብ **1800 737 732** ደውሉ ወይ ድማ ንመርበብ-ሓበሬታ 1800 RESPECT **www.1800RESPECT.org.au** ከፊትኩም እተዉ።

## ኣስተርጓሚ የድልየኩም ድዩ?

ብ**131 450** ገይርኩም ናብ ኣገልግሎት ትርጉምን ምስትርጓምን (**Translating and Interpreting Service** (TIS)) ብናጻ ደውሉ።  TIS፡ ምስ ካልኦት ወሃብቲ ኣገልግሎታት ንኽትራኸቡ ክሕግዘኩም ይኽእል።  TIS ግን ኣገልግሎት ማዕዳ ኣይህብን እዩ።